„ህያው ሕውነት ኣብ ክሊ-ሽራ-ማይስነር / መግለጺ“

ንሕና ብሓባር ኣብ ክሊ ሽራ ማይስነር ንደቂ ሰባት ዑቐባ ናይ ምልጋስ ከም ሓላፍነትና ኢና ንርኢ፡ እዚ ኸአ ብዘይ የገድስ እንታይ ዓይነት ሃይማኖት፡ ጾታ ወይድማ ሕብሪ ቆርበት ንዕኦም መርሓብ እንዳበልና ኢና ንቕበሎም። ነቶም ኣብ ዓደም ናይ ምንባር መሰል ዝሰአኑ፡ መሰል ጥዕና ዘይረኸቡ፡ መሰል መግቢን ባህላዊ መንነትን ዝተነፍጎም ቦታና ንዕኦም ውሑስ ቦታ ክኾነሎም ግዴና ከነበርክት ኢና ንደሊ። ንዕኦም መዕቆቢ ገዛ፣ መግብን ሕክምናዊ ሓገዝን ንኽንገብረሎም ሰብአዊ ግዴታና እዩ።

ዝሓለፈ ዓመት ከምዘርአዮ፡ ክሊ ሽራ ማይስነር ዓለምለኻዊ ክፉትነቱን ብዙሕነቱን እዩ። ንሱ ኸአ ብባህላዊ ብዙሕነት ንኸተማን ንገጠርን ብዝጸሉ ሕድሕዳዊ ጸጋ ብምፍጣሩ እዩ። ንኹሎም ንስደተኛታት ኣብ ምሕጋዝን፡ ኣብ መዓልታዊ ሂወቶም ኣብ ምስናይን ናቶም ውህደት ኣብ ሕብረተሰብ ድማ ብንጡፍነት እጃሞም ዘበርከቱ ዜጋታትን ማሕበራትን ነመስግን። ንሕና ድማ ብዕሊ ነቶም ሓደሽቲ ፕሮጀክትታት ምስ ውፉያት ሰባቱ ብቐረባ ንኽትላለዩዎም ንዕድም።

ኣስዒብና'ውን ንኹሎም ስደተኛታትን ወጻእተኛታትን ኣብ ከተማታትናን ወረዳታትናን እንዳሃለው ኣብ ብዙሕ መዳያት ስራሕን ትምህርትን ብምክፋል ግዲኦም ዘበርከቱ ነመስግኖም። ንኸባቢና ድማ ስሓብን ሕብራዊን ብምግባሮም ነመስግኖም።

ብሓባር ኰንና ድማ ንምስፍሕፋሕ የማናዊ ክልሰ ሓሳብ፡ ኣንጻር ይሁዳውን ኣስላምዊን ዝቕንዑ ሕማቕ መንፈሳት ንውግዝ። ኣንጻር ዝኾነ ዓይነት ዓልየታውን ጸረ ሰብአውነትን ኣኽራርነትን ድማ ንቃወም።